# ስርሒት ፈንቅል ዓቢ ታሪኻዊ ትምህርቲ ንዘምሃር



ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

ሃገርና ኣብዚ እዋን'ዚ መበል 34 ዓመት ዝኽሪ ናይ'ቲ ኣፍ-ደገ ምሕራር መላእ ኤርትራ ዝኸፈተ ታሪኻዊ ስርሒት ፈንቅልን ምሕራር ከተማ ምጽዋዕን ብዝለዓለ ሃገራዊ ወኒ ትጽንብል ኣላ። ንሕና ነዚ ዓቢ ታሪኻዊ ፍጻመ'ዚ ኣብ እንጽንብለሉ እዋን ትርጉሙን ካብኡ ዝርከብ ዓቢ ትምህርቲን ብግቡእ ክንገልጾን ከነስተማቅሮን ኣሎና። ጅግንነታዊ ስርሒት ፈንቅል ኣብ ውሽጢ ታሪኻዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ወተሃደራውን ስነ-ኣእምራውን ምዕባለታት ኣእቲና እንተ ድኣ ዘይርኢናዮ፣ ትርጉም መልእኽቱ ክርድኣና ኣይኽእልን እዩ። ስለዚ ከኣ ዕምቆት ናይ'ቲ ኩናት ንምርዳእ ነዞም ዝስዕቡ ነጥቢታት ምርኣይ ኣገዳሲ።

1-ኣብ 1978 ኣንጻር ሰውራ ኤርትራ፣ ሕብረት ሶቬት ነበር፣ ምብራቕ ጀርመን ነበር፣ ደቡብ የመን ነብርን ሊብያን ድሕሪ ምእታዎም ሓይሊ ሚዛን ንረብሓ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ስለዝተለወጠ ከምቲ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ምክትል ዋና ጽሓፊ ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝገለጾ “ሰውራ ርእሰ-ቅትለታዊ ስርሒት ስለዘይኮነ” ሰብኣውን ወተሃደራውን ዓቕሙ ንምዕቃብ ውሳነ እስትራተጂያዊ ምዝላቕ መጺኡ።

2- ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ንሓደ ዕቑድ ምሉእ ካብ 1978 ክሳብ 1988 ኣብ ሰንሰለታዊ ኣኽራናት ሳሕልን ምልክት ጽንዓትን ድሕሪ መስመርን ሰውራ ኤርትራ ዝኾነት ከተማ ናቕፋን ሓያል ናይ ህልውና ኩናት ኣካይዱ። ኣብ ውሽጢ'ቲ እስትራተጂ ከኣ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ጸላኢ ንምድኻምን ናይ ምግስጋስ ዓቕሙ ንምኹላፍን ሰውራ ኤርትራ ኣብ ኣገዳሲን ተኣፋፍን ድሕሪ መስመር ጸላኢ ሓያል ናይ ደባይ ስርሒታት ኣካይዱ። ከምኡ ድማ ኣብ 1984 ኣብ ከተማ ኣስመራ ብመገዲ ዕዉት ስርሒት ኮማንዶ 26 ሚግ 21ን 23ን ዝዓይነተን ነፈርቲ ኩናትን

5 ናይ ውግእ ሂሊኮፕተራትን ካልኦት ኣንቴኖቭን ዝዓይነተን ነፈርቲን ተደምሲሰን። ብተወሳኺ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ምሉእ ብምሉእ ተደምሲሱ።

3- ኣብ'ቲ ታሪኻዊ መደረኽ'ቲ፡ ነቲ ብሰብኣዊ ዓቕሚን ኣጽዋርን ዝተዓጻጸፎ ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢ ፊት ንፊት ክገጥሞ ስለዘይክእል ከኣ፡ ቀታሊ ቦታታት እናመረጸ ሓይሉ ንምድኻምን ደረጃ ብደረጃ ንምድምሳሱን ታክቲካዊ ውግኣት የካይድ ነይሩ።

4- ህዝባዊ ግንባር ኣብ ግንባር ሳሕል ወተሃደራዊ ህላወኡ ምስ ኣደልደለን ሓይሊ ጸላኢ ምስ ተጸንቀቀን ናብ ናይ መጥቃዕቲ መድረኽን ምሕራር ከተማታትን ተሰጋጊሩ። ስለዚ ከኣ ብ19 መጋቢት 1988 ግንባር ናደው እዚ ተደምሲሱ፡ ነታ ኣብ 1977 ሓንሳብ ሓራ ምስ ወጸት ብጸላኢ ዘይተደፍረትን ሕልሚታት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ዘበርዓነትን ከተማ ናቕፋ ተደራቢ ሓይሊ ዝኾነት ከተማ ኣፍዓበት ከኣ ሓራ ወጺኣ።

5- ምድምሳስ ናደው እዚ ንመሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ብዙሕ ኣማራጺታት'ዩ ፈጢርሉ። ናብ ከተማ ከረን ምግስጋስ ወይ ከኣ ናብ ከተማ ምጽዋዕ። እቲ ቅኑዕን ንጸላኢ ሃንደበት ዝነበረን ምርጫ ግን ውሳነ ምሕራር ከተማ ምጽዋዕ ነይሩ። ጸላኢ ግን እቲ ዝመጽእ ግጥም ኣብ ከተማ ከረን ክኸውን ይኽእል'ዩ ብምባል ኣብ ግንባር ሮራ መንጻዕ ገዚፍ ሓይሊ ኣዳልዩ። ምሕራር ናይ'ታ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ እስትራተጂያዊት ዝኾነት ከተማ ምጽዋዕ ንዓንዲ ሕቖ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ሰቢሩዎ እዩ። እዚ ካብ 9-11 ለካቲት 1990 ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልታት ብሓይልታት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዘሕፍር ስዕረት ዘውረደ ወሳኒ ጅግንነታዊ ወተሃደራዊ ስርሒት ፈንቅል ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራን ሰውራኡን መዳርግቲ ዘይብሉ ድሙቕ ዓወት እዩ።



ኣብዚ ብፖለቲካውን ወተሃደራውን መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ብልዑል እስትራተጂያውን ተክኒካውን ጥንቃቕን ውሕልነትን ዝተወጠነ ኩናት፡ ናይ ምድሪን

ባሕሪን መካናይዝድን ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ንከተማ ምጽዋዕ ኣብ ከበባ ኣብ ምእታው ሓያል ብቕዓትን ተወፋይነትን ጅግንነትን ዘርኣይሉ ውግእ'ዩ ነይሩ። ኣብ ምጽዋዕ፣ ጥዋለት፣ ግራርን ዕዳጋን ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢ ኣብ ከበባ ኣትዩ። ተጋደልቲ ነቲ ካብ ኣስመራ ናብ ምጽዋዕ ክመጽእ ዝኽእል ሓገዝ ንምዕጋት ንጽርግያ ኣስመራ ምጽዋዕ ሎኲቶሞ።

ጸላኢ ነቲ ኣብ ደሴት ምጽዋዕን ጥዋለትን ዝተኸበበ ሓይሉ ንምሕላው ብኸበድቲ ኣጽዋርን ድልዱል ድፋዓትን ከውሕሶ'ኳ እንተ ፈተነ ኣብ ቅድሚ ህዝባዊ ሰራዊት ግን ከትክል ኣይከኣለን። ምዑታት ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ብሰለስተ ታንኪታት ንሓይሊ ሰውራ ናብ ጥዋለትን ምጽዋዕን ኣፍ-ደገ ምእተዊ ፈጢሮም ጥራሕ ዘይኮነ፣ ናብ ዋና ከተማ ኣስመራ ንምግስጋስ ዘኽእል ሰፊሕ ባይታ'ውን ኣጣጢሖም እዮ።



5- ምሕራር ከተማ ምጽዋዕ፣ ንሓርነት ናይ'ታ ብ24 ግንቦት 1991 ኣብ ኢድ ሰውራውያን ተጋደልቲ ኤርትራ ዝወደቀት ዋና ከተማ ኣስመራ ሰፊሕ ኣፍ-ደገ ከፊቱ እዩ። ኣብ ግንባራት ጊንዳዕን ደቀምሓረን ንልዕሊ 15 ኣዋርሕ ወሳኒ ውግኣት ድሕሪ ምክያዱ ጸሓይ ናጽነት መሊኣ በሪቓ። በዚ ኸኣ ኤርትራ ካብ'ቲ ንኣርባዕተ ዕቁዳት (1952-1991) ዝረገጻ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ምሉእ ብምሉእ ሓራ ወጺኣ። ስርሒት ፈንቅልን ምሕራር ከተማ ምጽዋዕን ምስ ኩሉ ሃገራዊ፣ ዞባዊ፣ ክፍለ-ዓለማውን ኣህጉራውን ዕምቆቱን ዜናዊ፣ ወተሃደራዊ፣ ፖለቲካዊ፣ እስትራተጂያውን ጂኦ-እስትራተጂያውን ጽልዋኡን ብፍላይ ከኣ ድሕሪ ምፍራስ መንደቕ በርሊን ኣብ 1989ን ምብትታን ሕብረት ሶቬት ነበርን መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ብሞራልን ስነ-ኣእምሮን ፈሪሱ እዩ። ከተማ ምጽዋዕ ናይ ምድሓን ተስፋ ምስ ቆረጸ ኸኣ፣ ከም ኩሎም ወተሃደራዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ስነ ኣእምራውን ሞራላውን ስዕረት ዝገጠሞም ሓይልታት ዝኽተልዎ ኣገባብ ብመገዲ ሓይሊ ኣየሩ ንሰላማዊ ህዝቢ ከተማ ምጽዋዕ ንምጽናትን ህንጻታቱ ንምዕናውን'ዩ ወሲኑ። ስርዓት ቢንያሚን ነታንያሁ ኣብ ቅድሚ ዓለምን ኣብ ቅድሚ'ቲ ካብ ዝተመስረተሉ ካልኣይ ኲናት ዓለም ብድርብ መለክዒታት ዝምራሕ ባይቶ ጸጥታን ኣብ ቃዛ ዘውርዶ ዘሎ ዕንወትን ደማዊ ህልቂትን ንህስተርያዊ ኣእምሮ ናይ'ቶም ወተሃደራውን ፖለቲካውን ስነ-ኣእምራውን ስዕረት

ዝወረዶም ስርዓታት ዝገልጽ ጽቡ'ቅ ኣብነት እዩ። ከምዚኦም ዓይነት ስርዓታት ሰራዊቶምኣንጻር ዕጡቓት ተቓወምቲ ዘይኮነስ ኣብ ቅድሚ ካሜራታት ሰላማዊ ህዝቢ ንምጽናትን ንኩሉ ዘይንቀሳቐስ ንቁጽን ርሑስን ንምብራስን እዮም ዝጥቀምሎም። ኣብ መጨረሽታ ግን ዘንጊ ሓቂ ጥራሕ'ዩ ዝዕወት። ዕዉት ቀንዴል ሰውራን ሃገርን ኤርትራ ኸኣ ናይ'ዚ ድሙ'ቅ ታሪኻውን ፖለቲካውን ምስክር እዩ። ወተሃደራዊ ስዕረት ዝወረዶም ገለ ኢትዮጵያውያን ሓለፍቲ ብኩሉ ኣገባባት ንታሪኻዊ ሓቂታት ብምትምያን ኢትዮጵያ ኣብ ታሪኽ ተሳዒራ ኣይትፈልጥን'ያ,እዮም ዝብሉ። ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ነዊሕ ክዛረብ ኣይደልን እየን። ኣብ'ዚ ዞባ ኢትዮጵያ ዘካየደቶ ውግኣት ታሪኽ ብደቂቑ መዝጊቡዎ ኣሎ። ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝወረዶም ስዕረታት ጥራሕ'የ ክዘኻኽሮም ዝደሊ።

1-ሰውራ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ኢትዮጵያ ብዘውረዶ ተኸታታሊ ስዕረታት ብፍላይ ከኣ ካብ 1972-1973ን መስፍናዊ ስርዓት ሃይለ ስላሰ ኣብ 1974 ካብ ስልጣኑ ተማሒዩ።

2- ድሕሪ ውድቀት መስፍናዊ ስርዓት ኢትዮጵያ፣ ብኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ዝምራሕ "ደርግ" ዝተሰምየ ትምክሕታዊ ወተሃደራዊ ጉጅለ'ዩ ስልጣን ተቆጻጺሩ። እዚ ስርዓት'ዚ ኣብ ምዕራብን ምብራ'ቕን ደምበታት ብዘካየዶ ዘይውጽኢታዊ ተኸታታሊ ዘተታት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ውሽጣዊ ምምሕዳር ክስገድድ'ዩ ፈቲኑ። ብመገዲ ዘተ ዕላማኡ ኣብ ምርግጋጽ ምስ ፈሸለ ኸኣ፣ ብመሰረት'ቲ ብሕብረት ሶቬት ነበርን ካልኦት ኣቀዲምና ዝጠቐስናየን ሃገራትን ዝድገፍ ዝምክሓሉ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ኣጀንዳኡ ንሰውራ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምድምሳስ 10 ተኸታተልቲ ወተሃደራዊ ወራራት ኣካይዱ። እንተኾነ ግን መርከብ ደርግ ክትጻወሮ ብዘይትኽእል ኣገባብ ዓርሞሸሻዊ ማዕበል ሰውራ ኤርትራ ስለዝመጸ፣ ቅድሚ ኣብ 1991 ብሰውራ ኤርትራ ምስጣማ፣ መራሕቲ ናይ'ቲ ስርዓት ሂወቶም ንምድሓን ሃዲሞም።

3- ድሕሪ ስዕረት ደርግ ናብ ስልጣን ዝደየበ ስርዓት ወያነ እዩ። ብፍሉይ መምርሒን ደገፍን ኣሜሪካን እስራኤልን ኸኣ ኣብ 1998 ብዶብ ኣሳቢቡ ኣንጻር ኤርትራ ኲናት ከፊቱ። ኣብ 2000 ኣብ ኣልጀርያ ተገዲዱ ስምምዕ ሰላም ቅድሚ ምኽታሙ ኸኣ ውሽጢ ክልተ ዓመት ሰለስተ ወተሃደራዊ ወራራት ኣካይዱ። ብሳላ ጽንዓትን መኸተን ናይ'ቲ ኣብ ኩሉ ታሪኻዊ መድረኻት ሃገራዊ ሉኣላውነቱ ብልዑል ጅግንነታዊ መስዋእቲ ዝሕሉ ህዝቢ ኤርትራን መንግስቱን ሓይልታት ምክልኻሉን ከኣ ሃገራዊ ስርዓት ኤርትራ ንምቕያር ዘበገሶ ኣጀንዳ ፈሺሉ። ኣብዚ መጨረሽታ እዋን ገለ ኢትዮጵያውያን ሓለፍቲ ኣብ ዘረባኦም ብሰንኪ "ታሪኻዊ ጌጋ" ሃገሮም ዝነበራ ኣፍደገ ባሕሪ ከም ዝኸሰረት ገይሮም ዘቕርብዎ መደረታት ውጹእ ሓሶት እዩ። እዚ ታሪኻዊ ጌጋታት'ዚ ኸኣ በዚ ዝስዕብ ኣብነታት ውዱ'ቕ እዩ።

1- ነቶም ታሪኽ ኤርትራ ዘይፈልጡ፣ ኤርትራ በዚ ሕጂ ዘለዋ ኣህጉራዊ ዶብ ሓንቲ ካብ'ተን ቀዳሞት ሃገራት ኣፍሪቃ ምስ ጎረባብታ ሃገራት፣ ኢትዮጵያ፣ ጂቡቲን ሱዳንን

ዘለዋ ዶብ ኣብ መጨረሻታ 19 ክፍለ-ዘመንን መጀመርታ 20 ክፍለ ዘመንን ዘነጸረት ምኻና ምሕባሮም ኣገዳሲ እዩ። ኤርትራ ቅድሚ መብዛሕትአን ሃገራት ኣፍሪቃን ቅድሚ'ዛ ዶባታ ኣብ ፍርቂ 20 ክፍለ ዘመን ዘነጸረት ኢትዮጵያን'ያ ትስራዕ።

2- ኢትዮጵያ ብታሪኽ ኣፍደገ ባሕሪ የብላን። ኣብ ዓለም ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብላ እንኮ ሃገር'ውን ኣይኮነትን። ኣብ ኣፍሪቃን ዓለምን ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ብዙሓት ሃገራት ኣለዋ። እዘን ሃገራት እዚኣተን ከኣ ምስ'ተን ገማግም ባሕሪ ዘለወን ጎረባብተን ሃገራት ኣብዚ ዝስዕብ ነጥቢታት ብምስምማዕ ጸገማተን ፈቲሐን እየን።
2-1- ሓድሕዳዊ ምክብባር
2-2- ሓባራዊ ምርድዳእ
2-3- ሓባራዊረብሓታት
2-4- ምኽባር መሬታዊ ሓድነት
2-5- ሃገራዊ ሉኣላውነት ዘይምግሃስ
2-6- ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ካልኦት ዘይምእታው።

ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ሽዱሽተ መትከላት ብምምርኳስ ከኣ፣ እዘን ሃገራት እዚኣተን ገማግም ባሕሪ የብልናን ኢለን ኣይተሸገራን። እዚ ጂኦ-ፖለቲካዊ ኲነታት'ዚ ኸኣ ንዓታተን ፍጹም ናይ "ህልውና ጉዳይ" ኮይኑ ኣይፈልጥን እዩ።

3- ኢትዮጵያ ብሓገዝ ኣሜሪካን ሕብረት ሶቬት ነበርን ተሓባበርቶምን ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ ግዝኣታ ምስ ኣተወታ ንወደባት ምጽዋዕን ዓሰብን ትጥቀመሉ ነይራ እያ። ድሕሪ ናጽነት ድማ ኤርትራ፣ ንግዳዊ ምንቅስቓስ ኢትዮጵያ ንወደባት ምጽዋዕን ዓሰብን ብዘይ ጉምሩክ ብናጻ ክግልገሉ ፈቒዳ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ዝውሃቦ ዝነበረ ኣገልግሎት ጥራሕ'ዩ ብናይ ኢትዮጵያ ባጤራ ዝኸፍል ነይሩ። እንተኾነ ግን ጭፍራ ወያነ ነታ ኣብ ጽንኩር ታሪኻውን ፖለቲካውን ወተሃደራውን ኩነታት ዝሓገዘቶ፣ ዘዕጠቀቶ፣ ኣብ 1991 ስልጣን ኣዲስ ኣበባ ከም ዝቆጻጸር ዝገበረቶን ዝኾለስቶን ኤርትራዊት ኢድ'ዩ ክነክስ መሪጹ።

4- ዝምልከቶም ሰበ-ስልጣን ኢትዮጵያ ታሪኻዊ፣ ፖለቲካውን ስነ-ኣእምራውን እምነት እንተ ዝነብሮም ነይሩ፣ ድሕሪ ስዕረት ኢጣልያ ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣሜሪካ ንመሰል ርእሰ-ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ግሃሰት፣ ኣብ ልዕሊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ታሪኻዊ ጌጋ ተፈጺሙ ኢሎም ምተዛረቡ ነይሮም። ኤርትራ ከኣ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ከም ኩለን ግዝኣታት ኢጣልያ ሊብያን ሶማልን ናጻ ሃገር ምኾነት ነይራ። ከም ዝፍለጥ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ዝነበረ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኣሜሪካ ጆን ፎስተር ዳላስ "ብሕጋዊ መዳይ ርእይቶ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ክኣቱ ነይሩዎ፣ እንተኾነ ግን ረብሓ ኣሜሪካን ኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን ንኤርትራ ምስ መሓዛና ኢትዮጵያ ብፈደረሽን ክንቆርናኣገዲዱና" ክብል ገሊጹ'ዩ።

5- ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱን ሓርነቱን ንምርካብ ንፍርቂ ክፍለ ዘመን ምሉእ ነዊሕን መሪርን ፖለቲካውን ወተሃደራውን ቃልሲ ኣካይዱ። ነቲ ዘይክማህ ሓያል ናይ ሓርነት ሰውራዊ ሽግ ሰለስተ ወለዶታት እናተወራረሱ ቀጺሎምዎ። ህዝቢ ኤርትራ ኸኣ ፍትሓዊ ናይ ናጽነት መሰሉ ንምርግጋጽ ካብ ብሉጻት ደቁ ኣስታት 100 ሽሕ ስዉኣት ኸፊሉ።



6- መላእ መሬት ኤርትራ ኣብ 1991 ብሓይሊ ብረት ናጻ ምስ ወጸን ሰራዊት ኢትዮጵያ ተሳዒሩ ምሩኸን ምዉትን ዝሃደመን ምስ ኮነን ፖለቲካዊ መሪሕነት ኤርትራ ብቐጥታ ናጽነት ኤርትራ ክእውጅ ይኽእል ነይሩ እዩ። እንተኾነ ግን ነቲ ብሓይሊ ብረት ዝተረጋገጸ ናጽነት ኤርትራ ሕጋውነት ክልብሶን ኣብ ልዕሊ ፍትሓዊ ርእሰ-ውሳነ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ታሪኻዊ፣ ፖለቲካውን ሕጋውን ገበን ክፍውሶን ስለዝደለየ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፣ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፣ ማሕበር ሃገራት ዓረብ፣ ውድብ ጉባኤ እስላም፣ ውድብ ምንቅስቓስ ሻራ ዘይብለን ሃገራትን ሕብረት ኤውሮጳን ዝመርሕዎ ናጻን ርትዓውን ህዝባዊ ረፈረንደም ኣካይዱ። በዚ ኸኣ ህዝቢ ኤርትራ ብ27 ሚያዝያ 1993 ታሪኻውን ፖለቲካውን ሕጋውን ፍትሓዊ መሰሉ ብምጥቃም **99.8% እወ ንናጽነት** ኣድሚጹ።

ንናይ ኢትዮጵያ ናይ ሓሶት ጽውጽዋይ ዘቃልዕ ድሙቕ ናይ ኤርትራ ታሪኻዊ ሓቂታት እምበኣር እዚ እዩ። ስለዚ ኢትዮጵያውያን ሓለፍቲ ብቀዳምነት ንረብሓ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኢሎም፣ ከምኡ'ውን ዘባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ካብ'ቲ ኣብ ሕሉፍን ዘመናውን ህልውን ታሪኹ ዘጋጠሞ ካብ ኣስፋሕፋሒ ባህጊታትን ጽሉል ናይ ልዕልና ሕማምን ዝብገስ ናይ ኩናት ወልፊን ናይ ውክልና ውግኣትን ዝኾነ ኣዕናውን ህዉኽን ፖሊስታት ምእንቲ ክድሕን ካብ ታሪኻዊ ሓቂታት ኤርትራ ክመሃሩ ኣለዎም። እቲ ጉዳይ ኣብ መጀመርታ ቀሊል ዝመስል'ኳ እንተኾነ፣ ካብዛ መግዛእታውያን ስርዓታት ኤውሮጳ ንኣህጉር ኣፍሪቃ ዝተማቀሉላ ጉባኤ በርሊን (1884-1885) ጀሚሩ ንሓደ ክፍለ ዘመንን ሓሙሽተ ዕቁዳትን ሰላምን ጸጥታን ርግኣትን ዝተሓረማ ኣህጉር ኣፍሪቃ ዘውርዶ መዓት ግን ዝኸፍአ እዩ። ሃገራት ኣፍሪቃ ድማ ካብ ሸው ጀሚረን ኣብ ዝተናውሐን መሪርን ቃልሲ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኻት ግቡእ ቦታአን ንምሓዝ

ዘኽእል ምዕባለ ንምርግጋጽ፣ ካብ ኩሉ ታሪኻዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ቍጠባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ስነ-ሓሳባውን ኣእምራውን ዓይነት ቀይዲታት መዋጽኦ ኣብ ምንዳይ ይርከባ። እሞ እቲ ሽግር ከይወረደ፣ ኣመታቱ ክንርድኦ ንኽእል ዲና? ! ኣብ ቅድሚ ኩሉ ጽቡቕን ክፉእን እንተታት ብህጹጽ ዝለዓል ሕቶ ድማ’ ዩ።

9 **ለካቲት** 2024